ቢሮ ትራንስፖርትን መራኸብን ክልል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ንዘለውኦ መካይን ናይ መኪና ፅገና ግልጋሎት ካብ ሕጋዊያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንሓደ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ግልጋሎት ክረክብ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሓምለ 15, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 25, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 25, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ፅገና ተሸከርካሪ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቁፅሪ 01/ 2017

ቢሮ ትራንስፖርትን መራኸብን ክልል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ንዘለውኦ መካይን ናይ መኪና ፅገና ግልጋሎት ካብ ሕጋዊያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንሓደ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ግልጋሎት ክረክብ ይደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቓሒ ዘማላእኹም ክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ፣ ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቕረባይነት ሰርቴፊኬት፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ II ሰርተፊኬት ፣ ናይ ሻት ሰርቴፊኬትን ናይ ሑሉፍ ሰለስተ ወርሒ ናይ 2016 ዓ/ም ዴክሌር ዝገበርኩሙሉ መረዳእታን ብተወሳኺ 4ይን 5ይን ደረጃ ፍቃድ ጋራዥ ከቅርቡ ዝኽእል።

2. ተጫረቲ ነንሕድሕድ ጨረታ ዘይምለስ 100.00 ብር /ሓደ ሚኢቲ ብር/ እናኸፈልኩም ካብ ትራንስፖርትን መራኸብን ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ኣብ ሐበራዊ/ኮምፕሌክስ/ ህንፃ 3ይ ደብሪ ቁፅሪ ቢሮ 171 ካብ ዕለት 15/11/2016 ክሳብ 25/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ኣብ ናይ ስራሕ ስዓት እናመፃእኹም ናብ ዝተዓሸገ ናይ ጨረታ ሳፁን ፖስታኹም ክተእትው ትኽእሉ ምኻንኩም።

3. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ 5,000.00/ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO፣ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ወይ ብጥረ ገንዘብ እንተኾይኑ ናብ ናይ ኢትዮጵያ ንግዲ ባንኪ ኣካውንትና B-Account ቁፅሪ 1000538971697 ኣታዊ ምግባር ክተትሕዙ ትኽእሉ።

4. ኣብ ጨረታ ተወዳዲሮም ናይ ዘሸነፍዎ ግልጋሎት ልዕሊ 3,000.00/ሰለስተ ሽሕ ብር/ እንተከይኑ ሻት 7.5 % ኣብ ቢሮ ተቐሪፁ ኣታዊ ይኸፍሉ።

5. ተጨረታ ሰዓራይ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3' ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3' ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ኣለዎ።

6. ተጨረታ ሰዓራይ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰነ 30/2017 ዓ/ም ንሓደ ዓመት ውዕሊ ክስር ዝኽእል ምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

7. መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ብዝተዓሸገ ፖስታ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፈርማን ክህልዎ ይግባእ።

8. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ +251914222506/+251914759607 ደዊልኩም
ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ምኻንኩም ንሕብር ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle